# ንኢየሱስ ክትረክብ ምድላይ።

## ንባብ፡ ሉቃስ 8፡19-21

ጎ.ኢ.ክ. ኣብ ቅፍርናሆም እንከሎ ካብ ናዝሬት 50 ኪ.ሜ ራሕቂ ኣብ ዘለዎ እንከሎ ኣዲኡን ኣሕዋቱን ካብቲ ዘለዎ ክወስድዎ ከም ዝመጽኡ ወንጌል ይነግረና። ነዚ ምኽንያት ዝኾኖም ብኽልተ እዩ፤ 1. ንሱ ተጸሊሉ ንቤተ ሰቡ እዕንቅፋት ኮይኑ ስለ ዝተራእዮም ኣብ ዓዶም ክወስድዎ መጺኦም። 2. ብሰንኩ ምስ ሰበስልጣን ከየባእሶም ፈሪሖም ምኽንያቱ ኲሉ ንሱ ዝብሎ ዝነበረ ኣንጻር ሕግን መራሕትን ኣብ ጸገም ከየእትዎም ስለ ዝፈርሑ ክወስድዎ መጺኦም። (ኣብ ዮሓ 9 ወለዲ እቲ ዕዉር ካብ ሰበስልጣን ስለ ዝፈርሑ ዕድሚኡ እኹል እዩ ሕተትዎ ኢሎም ከም ዝነበሩ ነንብብ)።
ማርያምን ኣሕዋቱን ኣብቲ ኢየሱስ ዘለዎ መጺኦም። ኣብዚ ክነስተንትን ንኽእል። ኣብ ኢየሱስ ዘለዎ ርሕቀቱን ቅርበቱን ብዘየገድስ ኣብኡ መጺእካ ምኽኣል። ኣብ መገዲ ኣብኡ ከይንመጽእ ክንጋገ ንኽእል ወይ ካብ ዓቕምና ንላዕሊ ዝኾነ ጸገም ክኽልክለና ይኽእል። ወይ እውን መገዲ ክጠፍኣና ጓል መገዲ ሒዝና ክንከይድ ንኽእል። ኣብ ኢየሱስ ከይንመጽእ ዝገብረና ነገራት ብዙሕ እዩ። ምስ ሰብ ዘየሰማምዕ ጠባይና ክዓግተና ይኽእል፥ ክፉኣት ብጾር ክዓግቱና ይኽእሉ። እምብኣር ዝሕብር ዝነግር የድልየና። መገዲ ምስ ወዲ ዓዲ ከምዝብሃል ኢየሱስ ኣብ ዘለዎ ንዝፈልጡ ክንሓትት እምበር ብባዕልና ንዘይንፈልጦ ዋናታት ከይንኸውን ምጥቅንቓቕ የድሊ።
ሓደ ካብቲ ልሙድ ኮይኑ ዘሎ ንኢየሱስ ረኺበዮ፥ ተቐቢለዮ እናተባህለ ዝዝረብ ንሰምዕ ኢና። ኢየሱስ ብኸመይ ይርከብ፥ ኣበይከ ይርከብ? ሕጽር ብዝበለ ኣዘራርባ ኢየሱስ ኣብ ቤተ ክርስትያኑ ኣብ ምስጢራቱ ይርከብ። ካብ ባዕልና ተበጊስና ክንረኽቦ ክጽግመና እዩ። እቲ ጥዑይ መገዲ ኢየሱስ እትፈልጥ ቤተ ክርስትያን እያ ንሳ ብዝሓበረትና እንተ ኸድና ክንረኽቦ ንኽእል ኢና። ኲሉ ኢየሱስ ዝበሎን ዝገበሮን እትነግር ቤተ ክርስትያን እያ፥ ካልእ እንተ ኣውረየ መዳመቒ ጥራሕ እዩ።
ማርያምን ኣኃዋት ኢየሱስን ኣብቲ ዘለዎ ቤት ምስ መጽኡ ክኣትዉ ኣይክኣሉን፥ ወንጌላውያን ብዙሕ ሰብ ስለ ዝነበረ ክኣትዉ ኣይ ክኣሉን ግን ልኡኽ ሰዲዶም ክረኽብዎ ከም ዝደልዩ ነጊሮሞ። ኣብዚ እውን ክነስተንትኖ ዘሎና ነገር ኣሎ።
ማርያምን ኣኃዋቱን ንኢየሱስ ከይረኽቡ ዝዓገቶም ብዙሕ ህዝቢ ስለ ዝነበረ እዩ። ኣብዚ እዋና ንኢየሱስ ከይንረክብ ከልኪሉና ዘሎ እንታይ እዩ። ሰባት ብክእለቶም ብሓይሎም ብሕማቕ ኣብነቶምን ትምህርቶምን ምስ ኣምላኽ ከይንራኸብ ክዓግቱና ይኽእሉ እዮም። ሰብ ንክፍኣት ናተይ ኢሉ ምስ ሓዘ ኣብ ክፍኣት ምስ ወፈረ ከጋጊ ቀሊል እዩ። ንሕልናና ከይንኸፍት ንኢየሱስ ከይንርኢ ወይ ከይንሰምዕ ልብና ቀልብና ኣዕዊሮም ኣብ ሽፍትነት ከም እንነብር ይገብሩና። ኣብ ጸልማት ከም እንነብር ገሮም ብጋኒን ብሰይጣን ተገዚእና ክነብር ንኽእል። ብሰብ ዝግበር ኣቃሊልና ክንርእዮ የብልናን። ልብናን ቀልብናን ኣብ ሰብ ኣይንግበሮ።
ማርያምን ኣኃውት ኢየሱስን ዝልኣኽ መልእኽቶም ኣብ ኢየሱስ ዘብጽሕ ረኺቦም። እዚ መንዩኾን ምናልባት ሓደ ካብቶም ሓዋርያት ወይስ ሓደ ወዲ ገዛ ኣታውን ወጻእን ክኸውን እይክእል። መልእኽትኻ ክትብሎ እትደሊ ኣብ ኢየሱስ ዘብጽሕ የድልየና እዩ። ብዙሓት ልኡኻት ኣምላኽ ኢና እናበሉ ዝዛረቡና ዝሰብኩ ኣለዉ፥ ሓቀኛታት ልኡኻት ምዃኖም ብፍሪኦም ክትፈልጥዎም ኢኹም ይብለና። ሓቀኛ ልኡክ ክትፈልጠ ወላ እኳ ቀሊል ኣይኹን ክተስተውዕለሉ ይግባእ።
ኣብ ጊዜ ገድሊ ወደገባ ዝብሃሉ መብዝሕትኦም ተጋደልቲ ወይ ስሩዓት ገድሊ ዝነበሩ እሞ ኣብ ኢትዮጵያ ኣትዮም ልክዕ ኲሉ ዕጥቆም ዘረብኦም ኣካይድኦም ተጋደልቲ ዝመስሉ ንብዙሓት ተጋደልቲ መሲሎም ዘጋገዩ ነሮም።ንብዙሓት ኣብ ቤት ማእሰርትን ሞትን ዘብጽሑ ነሮም። ቀንዲ መጋበሪኦም ተጋደልቲ ዘይኮኑ ተጋደልቲ መሲሎም ንብዙሓት የእስሩን ይቀትሉን ነሮም። ኣብዚ ዘሎናዮ ቋንቋ ቤተ ክርስትያን

ዝዛረቡ፥ ናይ ቤተ ክርስትያን ነገራት ዝፈልጡ ዝመስሉ ዘጋግዩ ኣብ ዓለምና ተዘሪኦማ ኣለዉ ስለዚ ነለሊ ክይንጋገ። ልኡኻት ሓሶት ዘጋግዩ በዚሖም ስለ ዘለዉ ክነስተውዕል ኣሎና።
ቤተ ክርስትያንን ልኡኻታን ጥራሕ እዮም ምስ ኢየሱስ ከራኽቡና ዝኽእሉ ካልኦት መልእኽቶም እምበር መልእኽቲ ኣምላኽ ክነግሩና ኣይክእሉን እዮም። ቤተ ክርስትያን በቲ ክርስቶስ ዝሃባ ስልጣን ንመልእኽቲ ኣምላኽ ትነግረና ትገልጽልና። ቅ. ጳውሎስ መዓይይቲ ክርስቶስ ኢና ይብል። ኣብ ግራት ኣምላኽ ዝዓዩ ዝመስሉ ግን ሓሰውቲ ነብያት በዚሖም ኣለዉ ንጠንቀቕ። ንብዙሓት ደቅናን ኣሕዋትናን ውሒዝ ወሲድዎም ክንረኽቦም ኣብዘይንኽእል ምስይጣን በጺሖም ኣለዉ።
ማርያምን ኣኅዋት ኢየሱስ ወላ እካ ኣብ ደገ ይንበሩ ደቂ ውሽጢ እዮም። ማርያም ካብ መጀመርያ ሕይወታ ንድላይ ኣምላኽ ሕራይ ዝበለት ንኹሉ ኣምላኽ ዝበላን ዝገበሮን ኣብ ልባ እትሕዝ እያ ነራ ስለዚ ንሳ ቀዳመይቲ ጓልውሽጢ እያ። ንሳ ኣብዘልያ ኣልያ ንድላይ ኣምላኽ ጽን ስለ እትብል ካብ ድላይ ኣምላኽ ወጺኣ ካልእ ክትገብር ኣይትክእልን እያ፥ እዚ ኸኣ ብመንጽር ወዳ ክርአ እንክሎ እዩ። ምስ ወዳ ዘለዋ ርክብ ኣደ ኣምላኽ ስለ ዝኾነት እዩ።
ኢየሱስ ኣብ ትምህርቱ ንቃል ኣምላኽ ሰሚዖም ኣብ ልቦም ዘሕድርዎን ዝሰምዕዎን ብጹኣት እዮም ይብሎም። ማርያም ቀዳመይቲ ንድላይ ኣምላኽ ዝሰምዐት ስለ ዝኾነት ንሳ ቀዳመይቲ ጓል ውሽጢ እያ።
ሰባት ብግብርናን ምስ ኢየሱስ ብዘሎና ምቅርራብ ወዲ ውሽጢ ወይ ወዲ ወጻኢ ክንብሃል ንኽእል። ደቂ ወጻኢ ዘብለና እንታይ እዩ፡
ሀ. **ዘደናግርን ብዙሕ ድምጽን፡** ኣብዚ ዘሎናዮ ዘመን ነቲ ሓቀኛ ቃል ኣምላኽ ከይንሰምዕ ዘደናግረና ብዙሕ ነገራት ኣሎ። እንሰርሖ ስራሕ፥ ድምጺ መራኽቢ ብዙኃን፥ ወላ ናይ ባዕልና ፍርሕን ዘይጭቡጥ ሃረርታን፥ እዚ ነገራት ንድምጺ ኣምላኽ ከይንሰምዕ ዓጊቱ ኣብ ወጻኢ ኣብ ደገ ከም እንነብር ይገብረና። በዚ ከአ ከምቶም ኣብ ውሽጢ ክኣትዉ ዘይክኣሉ ተዓጊትና ኣብ ደገ ንተርፍ። ንኢየሱስ ክንረኽቦ ኣይንኽእልን። ብኣካል ኣብ ጥቕኡ ክንህሉ ንኽእል ኢና፥ ቤተ ክርስትያን ንኸይድ፥ ቅ. መጽሓፍ ነንብብ ግን ብመንፈሳውነት ዝርሓቕና ኮይኑ ክስምዓና ይኽእል።
ለ. **መንፈሳዊ ላንጋ ላንጋ፡** እዚ ሓደ ካብቲ ኣብ ውሽጢ ከይንኣቱ ካብ ዝገብሩና እዩ። ቃል ኣምላኽ ንሰምዕ ግን ኣብ ውሽጥና ክኣቱ ኣይነፍቅድን። ብስምዒት ንእመንትና ንነብሮ ንኸውን ግን ብሓቂ ኣብ ውሽጢ ሕይወትና ኣይበጽሕን ብላዕሊ ላዕሊ ጥራሕ ይኸውን እምነትና። ንኣምላኽ ኣብ ሕይወትና ካልኣዊ ምስ ገበርናዮ ሽዑ ገዛእ ርእስና ካብቲ ዝቕይርን ዝሕድስን ኃይሊ ጸግኡ ንገዛእ ርእስና ንዓጹ።
ሐ. **ኃጢአትን እምቢትነትን።** ኃጢአት ካብ ኣምላኽ ኣርሒቑ ኣብ ደገ ከም እንተርፍ ይገብረና። ካብ ኣምላኽ ዘርሕቕና መገዲ ምስ መረጽና እዚ ብትዕቢትና፥ ብስሳዐና፥ ወይ ብዘይምእዛዝና ካብቲ ሕይወት ዝኾነ ጸጋ ኣምላኽ ንርሕቕ። ግን ወላ ኣብ ኃጢአት ንሃሉ ጸጋ ኣምላኽ ኣብ ውሽጥና ክንምለስ ሕሹኽ ይብለና፥ እንተ ተነሳሕናን ልብና ኣብ ኣምላኽ እንተ ተመለስና ሽዑ ኣብ ኣምላኽ ንምለስ።

1. **ምስ ኢየሱስ ዘሎና ምቅርራብ።** ብምሉእ ምስኡ ርክብ እንተ ዘይብልና ደቂ ወጻኢ ኢና። ብግዳማዊ ነገር ናይ ኢየሱስ ክህልወና ይክእል እዩ ግን ባዶ እዩ ውሽጥና ስለዚ ኣብ ኢየሱስ ዘሎና ሓቀኛ እምነት ወሳኒ እዩ።
2. **ምስ ሓውናን ሓፍትና ዘሎና ርክብ።** ቅ. ዮሓንስ ኣብ መልእኽቱ ምስቲ እንርእዮ ሓውና/ሓፍትና ዘሎና ርክብ ምስ ኣምላኽ ኣብዝ ኣሎና ርክብ ወሳኒ እዩ። ንዝርእዮ ሓዉ ዘየፍቀረ ንኣምላኽ ኣፍቅር እየ ዝብል ሓሳዊ እዩ ይብለና። ስለዚ ምስ ሓውናን ሓፍትናን ዘሎና ርክብ ግዳማዊ ኣፍኣዊ እንተ ኾይኑ ወዲ ወጻኢ ይገብረና።
3. **ኩነታትና ዘይንፈልጥ እንተ ኾና።** ምስ ኣምላኽ ዘሎና ርክብ ክንርእዮ ዘይንኽእል እንተ ኾና ኣብ ደረጃ እንስሳ ኢና እንወርድ ስለዚ ገምጊሙ ዘይክእል ኣብ ደገ እዩ ዝነብር። በቲ ዝርእዮን ዝሰምዖን ጥራሕ ይነብር። ኣብ ውሽጢ ከይኣተወ ንግዳም ይለምዶ።
4. **ኣብ ባህልን ልምድን ጥራሕ ተሓጺርና እንነብር እንተ ኾና።** ኣብ ባህልን ልምድን ተሓጺሩ ብነበረ ዝነብር ሰብ ኣብ ግዳም እዩ ዝነብር። ብዙሓት ንእምነት ከም ባህሊ ዝነብርዎ ኣለዉ እዚኦም ጣዕሚ እምነቶም ዘየስተማቕሩ ኣብ ገዳም ዝነብሩ እዮም።

ወዲ በት ኣብ ገዝኡ እንከሎ ከም ጓና እንተ ኾነ ጸገም እዩ። ሉቃስ ወንጌላዊ ብዛዕባ እቲ በታኒ ውሉድ ዝብሎ እዩ (ሉቃ 15)። ንሱ ኣብ ቤት ኣብኡ እንከሎ ዓዲ ጓና ናፊቑ፥ ንቤት ኣብኡ ጸሊኡ ኣብ ካልእ ዓዲ ክኸይድ መሪጹ። ናይ ሓደ ወዲ ቤት ኣብ በቱ ክፍሊ ዘይብሉ ኽአ ልክዕ ከምዚ እዩ። ናትካ ሓዲግካ ናይ እንዳማትካ ምጥማትን ምንፋቕን ኣብቲ ናትና ከምዘይንነብር ይገብረና።
ንጓናን ንዓዲ ጓና ምንፋቕ ብሓቂ ንቤት የድክም ተስፋ የቁርጽ። ኣብ ዘይቤትካ ሓጎስ ክትናፍቕ ብቀንዱ ግጉይ ሓሳብ እዩ። ኣብዚ እዋና ደቅና ዓዲ ጓና ዝናፍቑ ኮይኖም፥ ጽቡቕ ኣብ ካልእ ጥራሕ ዝርከብ ኮይኑ ይስምዖም ስዑ ክኹብልሉ ይጅምሩ ግን ጽቡቕ ኣብ ቤትካ እዩ ክጅምር ዘለዎ። ኣብ ቤትና ዘሎ ጽቡቕ ክንርኢ እንተ ኽአልና ጥራሕ ኢና ናይ ካልእ ክንርኢ እንኽእል።

## ሰባት ኣብ ውሽጢ ክነብሩ እንታይ ኽገብሩ ኣለዎም።

- **ብምሉእ እምነት ክምርሑ ኣለዎም።** እምነት ምስ ኣምላኽ ኣብ ዘሎና ርክብ ወሳኒ እዩ። ዘይኣምን ምስ ኢየሱስ ርክብ ኽገብር ኣይክእልን እዩ። ኣብ እምነት ኣሎኹ ክንብል ሕይወትና ክሕደስ ኣለዎ፥ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክንመላለስ ኣሎና። ልብና ንቃል ኣምላኽ ክፉት ክኸውን ኣለዎ። እዚ እቲ ቀዳማይ ስጉምቲ እዩ። ኢየሱስ ኣብ ወንጌል ንቃል ኣምላኽ ኣብ ምስማዕ ዘለዎ ኣድላይነት ደጋጊሙ ምሂሩና። እዚ ብልብኻ ምስትውዓል ይሓትት። ቀስ ምባል ፥ ንኹሉ ካብ ጸሎት ዝደናግረካ ምእላይ ንድምጺ ኣምላኽ ክትሰምዕ ቦታ ምጥጣሕ። ነዚ ክንገብር መዓልታዊ ጸሎት ምግባር፥ ቅ. መጽሓፍ ምንባብ ኣስተንትኖ ምግባር። ንድምጺ ኣምላኽ ክንሰምዕ እዙዛት ምኺንን እንታይ ከምዝብለና ምስትውዓል።
- **ተኣዝዞ ብፍቕሪ፡** ንቃል ኣምላኽ ሓንሳብ ምስ ሰማዕና ክነብሮ ኣሎና። ኢየሱስ ብምሉእ እዙዛት ክንከውን እዩ ዝደልየና። ግን እዚ ተኣዝዞ እዚ ሕጊ ምስዓብ ማለት ኣይኮነን ንፍቕሪ ኣምላኽ ብናይ ገዛእ ርእስና ፍቕሪ መልሲ ምሃብ እዩ። ከም ደቂ ቤት መጠን ንኣምላኽ ብምሉእ ልብና ክነፍቅር፥ ንሓውናን ሓፍትናን ከም ርእስና ክነፍቅር ዝተጸዋዕና ኢና። እዚ ፍቕሪ ቅርጺ ዝለብስ ኣብ ሓቀኛ ናይ ምሕረት ስራሕ፥ ኣብ ርሕራሐ፥ እንገብሮ፥ ኣብ እነርእዮ ሕያውነትን ርትዕን።
- **ቀጻሊ ንስሓ።** ብስም ወዲ ውሽጢ ኮንካ ኩሉ ኣማሊእካ ማለት ኣይ ኮነን። ቀጻሊ ጉዕዞ ንስሓን ተሓድሶን ምምላስን እዩ። ዕለት ዕለት ንቃል ኣምላኽ መልሲ ክንህብ ዝተጸዋዕና ኢና፥ ምስኡ ዘሎና ርክብ ክነዕሙቕ፥ ጸግኡ ክሕድሰና ክነፍቅደሉ። ከምቲ እቶም ህዝቢ ኣብ ጥቓ ኢየሱስ ዝደፋፍኡን ዝቃለሱን ዝነበሩ ንሕና እውን ኣብ ጥቑኡን ምስኡን ክንከውን ክንቃለስ ኣሎና። ብሓሳብና ብቃልናና ግብርና ምስኡ ክንከውን ክንጽዕር ኣሎና። ጉዕዞ ሓዋርያውነት ቀጻሊ እዩ እንበጽሖ መወዳእታ ኣይኮነን ዕለት ዕለት እንኸዶ መገዲ እዩ።

እምብኣር ወዲ ውሽጢ ኣብ ቤት ኣምላኽ ምኳን ማለት ብቐጻሊ ንድለት ኣምላኽ ተቐቢልካ ምንባሩ። እቶም ንቃል ኣምላኽ ዝሰምዑ እንታዎት ምኳኖም ብዘየገድስ ደቂ ቤት ደቂ ውሽጢ እዮም። በዚ ኽአ ኣባላት ቤተሰብ ኢየሱስ እዮም።
ሓዋርያውነትና ካብ ካቶሊካውያን ስድራ ብምውላድና ወይ ብስም ተጠመቕና ወይውን ግዳማዊ ነገራት እምነትና ብስም ፈጸምና ኣይውሰንን እዩ፥ ብምሉእ ተወፉይነት ንወንጌልን ብዘይ ቅድመ ኩነት ንኢየሱስ ብምኽታልን እዩ ዝረጋገጽ። ከምዚ እንተ ገበርና ጥራሕ ኢና ናይ ኢየሱስ ኣሕዋትን ኣሓትን ክንከውን እንኽእል።
ኣብ ቤት ኣምላኽ ብሓቂ ሱታፌ ክህልወና እምብኣር ብምሉእ ልብና ነጊሕና ንቕረቦ ንቃሉ ንስማዕ ብኃጢኣትና ንነሳሕ፥ ካብ ጌጋና ንመለስ። ኣብ ቤትና ኣብ ኣምላኽና ንመለስ። ኦ ኣቦይ ኣብ ቅድሜኻ ኃጢኣት ገረ እየ ወድኻ/ጓልካ ኽብሃል ኣይበቅዕን እየ፥ እናበልና ኣብ ሰማያዊ ኣቦና ንቕረብ እሞ ሽው ኣቤቱ ክንኣቱ ደቂ ውሽጢ ክንከውን ኢና።

ነዚ የብቅዓና ኣምላኽ

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ።